ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# <u>ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ለንዶን ዕውት ኣኼባ ኣካይዱ</u>

<u>ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ፣ ብዕለት 27 የካቲት 2016 ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፣ ኣባላት ሰልፊን ከምኡ ውን ብርክት ብዝበሉ ደገፍትን ተዳናገጽትን ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝተኻፈልዎ ዕውት ኣኼባ ተኻይዱ።</u>

<u>ድ/ር መሓመድ ቡርሃን ንህልው ኩነታት ጉዳይ ሰልፊ ናህዳ ብፍላይ፣ ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ካኣ ብሓፈሻ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።</u>




ኣብ ጉዳይ ሰልፊ ናህዳ ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ዛዕባ፣ ናህዳ ነቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኩሉ መዳይ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ካልእ ኣብ መዳያት ጉዕዝኡ ኣብ ዝገብሮም ዘሎ ኣወንታዊ ምዕባሌታት ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፣ <u>ድ/ር መሓመድ ቡርሃን፣ ኣብ መግለጺኡ፣ ተበግሶ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ መትከላዊ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ብምዃኑ ከም ዕንበባ መስከረም ንህቢ ዝዓስሎ፣ ንናህዳ ውን ህዝቢ ንኽስዕቦ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ።</u>



ድ/ር መሓመድ ቡርሃን፣ ኣብዚ ዘለናዮ ጽንኩርን ፈታንን ዝኾነ እዋን ሎሚ ህግደፍ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ንምድኻምን ምጽናትን ካብ ዘካይዶ ዘሎ ነዊሕ ዝኣወጀ ኲናት ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ ጎሊሑ ዝራእየሉ ዘሎ ስለ ዝኾነ፣ ትርጉም ካብ ዘይብሉ ስቅታ ምኽንያት ዘለዎ ጉያ ተመራጺ እዩ ክብል ን5 ሰዓታት ዝወሰደ ኣኼባ ሰፊሕ መግለጺ እዩ ሂቡ።

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና፣

ዕወት ንህዝቢ ኤርትራ፣

28 የካቲት 2016